# <u>ዓሳ ክንብር ማይ የድሊዮ፡ ንውልቀ መላኺ ከኣ?</u>

ህይወታውያን ማለት ሰባት፡ እንስሳታት፡ ኣእዋም ከከም ባህሪያዊ ኣፈጣጥራኦም ዝዓደሎም ዕለታዊ ህይወቶም ይመርሑ። እቲ ባህሪያውን ማሕበራውን ኣመዳድባ፡ መንግስቲ ደቂ-ሰባት፣ ንጉስ እንስሳ፣ ዝተመርጸ ኦም ብዝዝብል ስያሜ ድማ ይልለዩ። ብርግጽ እዞም ዝተጠቕሱ ኣብ ውሽጦም'ውን ፍልልያት ኣለዎም'ዩ። ካብ መሰረታዊ ተፈጥሮኣዊ ባህሪኦም ዝምንጩ ዘይኮነ፡ ሰባት ብስራሕ፡ ትምህርቲ፡ ፍትሓውን ሕጋውን ኣሰራርሓ ኣተሓሳስባን ይፈላለዩ'ዮም። እንስሳታት፡ እንስሳ ዘቤትን ዘገዳምን፣ መርዛማትን የዋሃትን፣ ሓያላትን ድኹማትን፣ ኣጥበውትን ዘይኣጥበውትን፣ ለመምትን በረርትን....ወዘተ ብዝብል ይፈላለዩ። ኣእዋም'ውን ከምኡ። ንኣብነት ንውሰድ እንስሳ፡ ገሊኦም ኣብ መሬት ገሊኦም ኣብ ትሕቲ መሬት፡ ገሊኦም ከኣ ኣብ ወሓዚ ማያት ባሕርን ውቅያኖሳትን ይነብሩ። ዓሳታት ኣብ ማያት ይነብሩ። ኣብ ማያት ይሰፉ፡ የስተንፍሱ፡ ኣብኡ ይፋረዩ፡ ኣብኡ ውራይ ቀለቦም ይገብሩ። ዓለሞም ንሱ'ዩ ካልእ ዓለም የብሎምን። ብገለ ምኽንያት ማይ እንተስኢኖም ድማ ግዜ ከይወሰዱ ይሞቱ። ይጸንቱ።

ናይ ደቂ-ሰባት ኣፈጣጥራ፡ ኣረባብሓን ኣነባብራን ግን ካብ'ዚ ናይ እንስሳታት ኣነባብራን ምሕደራን ብዓይነቱ ዝተፈልየ'ዩ። ወዲ-ሰብ ብማሕበራዊ ኣከናውናኡ ምስ እንስሳታት ዝምደብ ይኹን ደኣምበር፡ ተፈጥሮ ብዝዓደሎ ልዕሉ ናይ ምሕሳብ ተኽእሎ፡ ተፈጥሮ ዘዳላወትሉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ተማሂሩ ተመራሚሩ ንልግሲ ተፈጥሮ ብዝጥዕሞ ናይ ምልዋጥ ክእለት ዘለዎ። ፍሉይ ምሕደራ ድማ ይኸተልን። ማሕበረ ቁጠባዊ ህይወቱ ካብ ሰብ ናብ ሰብ፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር፡ ካብ መንግስቲ ናብ መንግስቲ'ኳ ብደረጃታት ዝፈላለ እንተኾነ፡ ሓቢሩ ዝነብረሉ ኣገባብ ግን ፖለቲካዊ ምሕደራ ተባሂሉ'ዩ ዝግለጽ። እቲ ፖለቲካዊ ምሕደራ ውሱናት ንጉሳውያን ስድራ ቤታት ብውረድ ተዋረድ እናተቐባበሉ ዝመርሕዎ ክኸውን ይኽእል። ብዝኾነ ኣጋጣሚ ዘሊሎም ኣብ ስልጣን ዝሓኾሩ መለኽትን ፋሽሽታውያንን ጉጅለታት ከም ቃሕታኦም ዝቕልስዎ ክኸውን ይኽእል። ስፍሕ ዝበለ መሰላትን ረብሓታትን ዝህብ ግን ከኣ ዓባይቲ ወነንቲ ርእሰማል ብላዕለዋይነት ዝዝውርዎን ዝቆጻጸርዎን ሊበራላዊ ስርዓተ ምሕደራ ክኸውን ይኽእል። ካብ ህዝቢ ዝምንጩ፡ ንህዝቢ ድማ ዘገልግል ሕጋዊ ተሓታትነት ዘለዎ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ምሕደራ'ውን ክኸውን ይኽእል። ጥቕሉል መጸዊዒኡ ግን ፖለቲካዊ ምሕደራ'ዩ።

ካብ ኩሉ ዝሓሸ፡ ዝምረጽ፡ ሃገራዊ ሰላም ዘውሕስ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘንግስ፣ ደሞክራስያዊ ትካላት ዝተክልን ዘማዕብልን፡ ብፍላይ ንብዙሓትን ውጹዓትን ዘገልግል ፍቱን ፖለቲካዊ ምሕደራ ከኣ፡ ህዝባዊ ደሞክራሲ ፖለቲካዊ ምሕደራ'ዩ። ሓደ ህዝቢ ወይ ህዝብታት ካብ ህዝባዊ ደሞክራሲ ወጻኢ ምስ ዝመሓደሩ ብስውር ዘይኮነ ብግልጺ ገለ ጎዲልዎም ከም ዘሎ ንምርዳእ ኣየጸግምን። ከምዚ ህግደፍ ዝገብሮ ዘሎ ኣብ ዓይኑ ዘሎ በሰር ከየውጸአ፡ ተመልከት ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ተዓዘብ ንፖለቲካዊ ማእከላይ ምብራቕ፣ ኣስተውዕል ናብ ምዕራውባዊ ደሞክራሲ እናበለ ንካልኦት ጸለሎ ቀቢኡ፡ ንገዛእ ርእሱ ዘይናቱ ካባ ደሪቡ ዝወራዘ ብዙሕ'ዩ። እዚ ግን ኮነ ኢልካ ኣቓልቦ ህዝቢ ናብ ካልእ ክግዕዝ ንምግባር ዝዓለመ ደኣምበር ዝጭበጥ ቁም-ነገር የብሉን። ስለዚ ንሕና ህግደፍ ናብ ዝፍጥሮን ዘራባሖን ካብ ምጥማት ናብ ውሽጣዊ ኩነታትና ንጠምት። ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኩንታትና እንታይ ይመስል፡ ስለምንታይ ከምኡ ኮይኑ፡ መን ጠንቂ፡ ብሳዕቤኑ መን ተሃስዩ፡ ከመይ'ከ ክፍወስ ይኽእል ምፍታሽን ኣብ ትሕቲ'ቲ ጥቕሉል ፖለቲካዊ ምሕደራ ዝብል መጸውዒ ዘሎ ጉድ ብንጹር ክንፈልጥን ይግባእ።

ሓደ ናይ ብሓቂ ካብ ህዝቢ ንህዝቢ ዝኾነ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ምሕደራ፡ ብንጹር ንዕኡ ዘቑሙ እናተመዓደው ተደጋጊፎም ዝጓስይዎ ኣዕኑድ ኣለውዎ። ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም (ሕገ-መንግስቲ) ብሕጊ ሰፊሩ ኣብ ዘዝተወሰነ ግዜ ብዝካየድ ሃገራዊ ህዝባዊ ምርጫ ዝጣየሰ ሃገራዊ ሓጋጊ ኣካል፣ ፍርዳዊ ትካላትን ኣካላትን፣ ዕለታዊ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ብቐረባ ዝከታተልን ዝመርሕን ፋጻሚ ኣካል፣ ምስኡ ዝኸዱ ካልኦት ኣገደስቲ

ረቛሒታትን። ምልክት ጥዑይ ፖለቲካዊ ምሕደራ ናይ ሓንቲ ሃገር እዚኦም'ዮም። ኣብ ዘይህላወ እዚኣቶም ክንዲ ዝኾነ ንሕና እናበልካ ብህዝብን ደሞክራስን ይመደር ጎደሎ'ዩ። ጎደሎ'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትን ህዝብታት ከብጸሖ ዝኽእል ሃሰያታት'ውን ከቢድ'ዩ።

መለኸቲ ስርዓታት ድማ ኣብ ከምዚ ዝበለ ናይ ምሕደራ ፍልስፍና ኣይኣምኑን። ስለዘይኣምኑ ድማ ምስ ህዝባዊ ደሞክራሲ፣ ህዝባዊ ድሌት፣ ህዝባዊ ሃገራዊ ምርጫ፣ ሕግን ሕጋውነትን፣ ግልጽነትን ተሓታትነትን፣ ፊት ንፊት ካላተሙ ይረኣዩ። ጉጅለ ህግደፍ ካብ'ቶም ምስ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ምሕደራ እናተላተሙ ዝኸዱ ዘለው ዓፈንትን ገበትን ስርዓታት ሓደ'ዩ። ደርባዊ ፖለቲካዊ ተፈጥሮኡ ከምኡ ኮይኑ ካብ ጽልኢ፣ ኩናትን ሓሶት ወጻኢ ክነብር ኣይክእልን። ምስ ካልኦት ሓቢርካ ተኸባቢርካን ተደጋጊፍካን ምንባር ዝበሃል ኣይርደኦን ዘይኮነስ ኣይደልዮን። በሓቲ ስለ ዝኾነ ፖለቲካዊ ብሕትውና'ዩ ዝደሊ። ከም'ቲ ዓሳ ካብ ማይ ወጻኢ ዘይነብር፡ ስርዓት ህግደፍ ድማ ካብ ጽልእን ኩናት ወጻኢ ክነብር ኣይክእልን። እዚ ከም'ዚ ዝበለ ስርዓት ወትሩ ክጭነቕ፣ ክሰግእ፣ መኸተ እናበለ ክነብሕ ምስማዕ ድማ ኣየገርምን።

መታን ኣብ'ዚ ናይ በይኑ ብሕቱው ዓለም ክነብር ጸላእቲ ክፈጥር፡ ነቶም ዝተፈጥሩ ጸላእቲ ከራብሕ ምርኣይ'ውን ከምኡ ክገርም ኣይክእልን።ንሱ ንጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቱ፡ ህዝብን ደቂ-ህዝብን ዝኸፍልዎ፡ ዝደምይሉን ዝመትሉን ጽልእን ኩናትን እንተጻሕተረን እንተራብሐን እንታይ ግዳዱ። ዋሕስ ህላወኡ ንሱን ከምኡን ምግባር ምኻኑ ኣንጊሆ ከም ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ዝተቐበለ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ'ዩ። እቲ ካልእ ከ? ንሕና እንቶም ውጹዓትን ብዙሓትን'ከ እንታይ ክንገብር ኣለና? ፖለቲካዊ ንቕሓትና ከነበርኽ፣ ናትና እንብሎ ፖለቲካዊ መንነት ክነነጽር፣ ካብ መንገዲ በለጽ ሓራ ክንከውን፣ ሓቢርካን ተኸባቢርካን ምንባር ዘለዎ ረብሓ ብግቡእ ክንርዳእ፣ ነቲ ኣንጻር መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ካብ ኣወንታዊ ሞራል ደገፍ፡ ክሳብ ነገራውን ግብራውን ተስፋትሮና ከነረጋግጽ ክንውስን ኣለና። ውሳኔና ህይወትና'ዩ። ነቲ ቃልሲ እንኸፍሎ መስዋእቲ ድማ ሓላል'ዩ ዝብል ዘይንቕነቕ ፖለቲካዊ እምነት ክንጭብ ኣለና።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 27-01-2017